## ዘፍጥረት 32

24 ያእቆብ ግና በይኑ ተረፈ። ሓደ ሰብኣይ ድማ ምድሪ ኽሳዕ ዚወግሕ ተቓለሶ።
25 ንሱ ኸኣ ከም ዘይከአሎ ምስ ረኣየ፡ ምሕኩልቱ ተንከዮ፡ ኪቃለሶ ኸሎ፡ ምሕኩልቲ ያእቆብ ተቘጸ።
26 እቲ ሰብኣይ ድማ፡ ምድሪ ይወግሕ አሎ እሞ፡ ሕደገኒ፡ በለ። ንሱ ኸኣ፡ ከይባረኽካንስ ኣይሓድገካን
እየ፡ በለ
27 ሽዑ ንሱ፡ እንታይ እዩ ስምካ፧ በሎ። ያእቆብ፡ በለ።
28 ንሱ ኸኣ፡ ምስ ኣምላኽን ምስ ሰብን ተቓሊስካ ኣሕሚቕካ ኢኻ እሞ፡ ደጊም ስምካ እስራኤል ደኣ
እምበር፡ ያእቆብ ኣይብሀልን፡ በሎ።
29 ያእቆብ ድማ፡ በጃኻ ስምካ ንገረኒ፡ ኢሉ ሐተቶ። ንሱ ኸኣ፡ ስለምንታይ ብዛዕባ ስመይ ትሐትት፧
በለ። ኣብኡ ድማ ባረኾ።
30 ያእቆብ ከኣ፡ ንኣምላኽ ገጽ ንገጽ ርእየዮ እየ እሞ ነፍሰይውን ድሒና እያ፡ ኢሉ ስም እታ ቦታ እቲኣ
ጰኒኤል ኣውጽኣላ።
31 ንጰኒኤል ምስ ሐለፈ፡ ጸሓይ በረቐቶ። ንሱ ግና ምሕኵልቱ ይሕንክስ ነበረ።

## ያዕቆብ 1

22 ገበርቲ ቓል ኩኑ፡ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ።
23 ሓደ እኳ ሰማዕ ቃል ኰይኑ ገባሪ እንተ ዘይኰነ፡ ንሱ ነቲ ንገጽ ፍጥረቱ ብመስትያት ዚርኢ ሰብኣይ
እዩ ዚመስል።
24 ነፍሱ ይርኢ እሞ፡ ይኸይድ ብኡብኡውን ከመይ ምዃኑ ይርስዖ።
25 እቲ ኣብቲ ምሉእ ሕጊ፡ ንሱ ድማ ሕጊ ሓርነት፡ ኣጸቢቑ ዚጥምትን ዚጸንዕን፡ ግብሪ ዚገብር እምበር፡
ዘይርስዕ ሰማዒ ግና፡ እዚ ብግብሩ ብጹእ ኪኸውን እዩ።

## ወ. ዮሐንስ 16

23 በታ መዓልቲ እቲኣ ሓንቲ እኳ ኣይክትሐቱንን ኢኹም። ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኹሉ
ኸም ዝህበኩም፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ።
24 ክሳዕ ሕጂ ሓንቲ እኳ ብስመይ ኣይለመንኩምዎን። ሓጐስኩም ምሉእ ምእንቲ ኪኸውን፡ ለምኑ
ኽትረኽቡ ድማ ኢኹም።
25 እዚ ብምስላ ነገርኩኹም። ብዛዕባ ኣቦ ንኣኻትኩም ብግሁድ ዝነግረላ እምበር፡ ብምስላ
ዘይዛረበላ ጊዜ ኽትመጽእ እያ።
26-27 በታ መዓልቲ እቲኣ ብስመይ ክትልምኑ ኢኹም፡ ንስኻትኩም ኣነ ኻብ ኣምላኽ ከም ዝወጻእኩ
ስለ ዝኣመንኩምን ዘፍቀርኩምንን፡ ኣቦ ባዕሉ የፍቅረኩም አሎ እሞ፡ ነቦ ምእንታኹም ኣነ ኸም
ዝልምኖ፡ ኣይብለኩምን እየ።
28 ካብ ኣቦ ወጺኤ ናብ ዓለም መጻእኩ፡ ንዓለም ሓዲገ ድማ ናብ ኣቦ እኸይድ አሎኹ።